# ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ተቓሊሱ ናጽነቱ ዝጨበጠን ንጸላኢኡ ኣብ ሕምብርቲ ግዝኣቱ ኣትዩ ሰራውሩ ዝሞንቆሰን ድምጽማጹ ዘጥፍኤን ሰውራዊ ውድብ ብጀካ ህዝባዊ ግምባር ኣብ ታሪኽ ዓለም ስጋብ ሕጂ ኣይፈልጥን ኣይሰማዕኩን`ውን። ሓጻር ነቐፌታ/መልሲ ኣብ`ታ ሓንቲ ሕጥበ-ጽሑፍ ክቡር ሓው መኮነን ዓንተራይ

ብብርሃነ ሃብተማርያም

ወርሒ ነሓሰ ዕለት 13, 2016

**ብዳሽም ምስግና** ዝተደርፈት **ንህዝባዊ ግምባር ሓርነተ ኤርትራ** ብሕጽር ዝበለ ኣገባብ እትገልጽ ጥዕምቲ ዜማ ንቐደም በሉ!

https://video-frt3-1.xx.fbcdn.net/v/t42.1790-2/13510300_1244864525524938_1556184187_n.mp4?efg=eyJybHIiOjYwNiwicmxhIjoyNDcxLCJ2ZW5jb2RlX3RhZyI6InN2ZV9zZCJ9&rl=606&vabr=337&oh=363b811b0a9f0e6df1241d3fcfd636cc&oe=57AF8B88



*..................."በቲ ግዜ'ቲ ሰውራ ኤርትራ ክብል ብድብድቡ (ምኽንያቱ ህ.ግ እንተበልኩስ ገለ ብጽልኢ ዓይኖም ዝዓወሩ ተጣባቒ ከይመስሎም ተጣባቒ/ደጋፊ መንግስቲ ምኻን ገበን ኮይኑ ኣብዘለወሉ ግዜ ስለዘሎና)".......................*

ካብ **"ምቅናእስ ቅናእ እቲ “ቅዱስ ቅንኢ” ግን ንጽቡቕ ድኣ ይኹን!!"** ብዝብል ኣርእስቲ **ብመኮነን ዓንተራይ** ንሓደ **"ኣማን ኪዳነ"** ዝበሃል ግብረ-መልሲ ዝጸሓፉ ዲንቂ ጽሑፍ ዝተቐንጨበት ሓጻር ሕጥበ-ጽሑፍ እያ።




**<u>* ርእይቶይ ኣብዛ ውስንቲ ጥቕሲ፡</u>** ክቡር ሓው መኮንን፣ ስነ ጽሑፍካ ሚዛናውን ካብ ኣብ ባይታ ናይ ዓለምን ዞባናን ዘሎ ክውንንነት ዝተሞርኮሰን ዘንጸባርቕን ስለ ዝኾነ ከመስግነካ ይፈቱ። እንተኾነ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ኣንዳዕዲዕካ ነግ ፈረግ ከይበልካ (ከይብሉኒ ከይበልካ) ከምቲ ዝግብኦ **"ህዝባዊ ግምባር"** ኢልካ ዘይምግላጽካ ቁሩብ ቅሬታ ኣሎኒ። ስለምንታይሲ **ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ** ኣንጻር`ቲ ሓያልን ግዙፍ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይይኮነስ ምስተን ናይቲ እዋን ብቑጠባዊ መዳይ ኮነ ዘይተኣደነ ኣጽዋር ሓገዝቱን መወልቱን ክልተ ርእሰ ሓያላት መንግስታት ዓለምን ሰዓብተንን ከይተረፈ`ውን ተቃሊሱን ተሰዊኡን ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንሰራዊት ጸላኢ ደምሲሱን እፎይ ኢሉ ከዕርፍን ካብ'ዚ ንኔው እንታይ ገደሰኒ ከይበለን ካብ ኤርትራ ስጋብ ኣዲስ ኣበባ እግረ-እግሩ ኣናኾብኮበን እናተዋግኣን ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለን ንፋሽስታዊ ስርዓት ደርጋዊት ኢትዮጵያ ኣብ ደጆኑ ሰዒሩ ሓመድ ኣዳም ዘልበሰ ኤርትራዊ ሓርበኛን ኣብ ታሪኽ ዓለም እንኮ ሓደ ጅግናን ጽኑዕን ተባዕን ሰውራውን ታሪኻውን ውድብ እዩ።

እዚ መበልየይ፣ ኣንጻር ባዕዳዊ መግዛእቲ ተቓሊሱ ናጽነቱ ዝጨበጠን ንጸላኢኡ ኣብ ሕምብርቲ ግዝኣቱ ኣትዩ ሰራውሩ ዝሞንቆሰን ድምጽማጹ ዘጥፍኤን ሰውራዊ ውድብ ብጀካ **ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ** ኣብ ታሪኽ ዓለም ስጋብ ሕጂ ኣይፈልጥን ኣይሰማዕኩን`ውን። እዚ ድማ ንጀህራ ወይ`ውን ንረኣዩለይን ስምዑለይን ዘይኮነስ፣

ኣብ ባይታን ብግብሪ ዝተፈጸመን ናይ ትማል ዝተዓዝብናዮን ዝረኣናዮን ሓቀኛ ታሪኽ እዩ። ስለዚ ሓቀኛ ታሪኽ ክትገልጽ ስኽፍ ኣይበልካ።




ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!!
ዓወት ንሓፋሽ!!!

*ሓውኻ ብርሃነ ሃብተማርያም